10/04/2020

הודעה לציבור: משרד הבריאות קורא לציבור לשמור בקפידה על כלל ההנחיות עם חזרת תקנות לשעת חירום למתכונת שלפני הסגר

ብቢሮ ምንስትር ሓለዋ ጥዕና ዝተመሓለፈ ሓበሬታ ፣

በዓል ፔሳኽ ምኽንያት ብምግባር ፣ዝወፀ ህፁፅ ኣዋጅ ካብ ዘተላዓለሉ ካብ ዓርቢ ማዝያ ንጎሆ ሰዓት 6 ጀሚሩ፣ እቶም ቅድሚ ትኣዋጅ ማለትውን ፣ ቅድሚ 10 ሰሉስ ማዝያ 7 ዝወፁ ፣ መምርሒታት ናይ ምቐፃል ኣመልኪቱ፣ ብቢሮ ምንስተር ሓለዋ ጥዕና ዝቐረበ ሓበሬታ እዩ።

በዓል ፔሳኽ ምኽንያት ብምግባር ፣ ካብ ሰሉስ ዕለት 7 ማዝያ 2020 ጀሚሩ፣ ክሳብ ሎመዓንቲ ዓርቢ 10 ማዝያ ሰዓት 6 ተግባራዊ ዝኾነ ህፁፅ ኣዋጅ ምእዋጁ ይፍለጥ።

ካብ ሎመዓንቲ 10 ማዝያ ዓርቢ ንጎሆ ሰዓት 6 ጀሚሩ ድማ፣ እቶም ክሳብ ቅድሚ ሕጂ ዝወፁ ደንቢታትን መምርሒታትን ተኸቲሉ ፣ ህዝቢ እስራኤል ዕለታዊ ምንቅስቓሳቱ ንኽቐፅል፣ ቢሮ ምንስትር ሓለዋ ጥዕና ይሕብርን የተሓሳስብን ኣሎ።

ናይዚ ሓበሬታ ዝርዝርውን ብበነ- ብራቅ ይጅምር ፣

ንነበርቲ ብነይ-ብራቅ ዝምልከት--- ነበርቲ ብነይ-ብራቅ ካብቲ ዝነብርሉ ከባቢ ናብ ካሊእ ከባቢ/ ቦታ ክወፁ ዝኽእሉ፣

***ናብ ዝሰርሕሉ ቦታ ዝወፁ እንተኾይኖም ፣ ንሕክምና ኣገልግሎት ፣ እቲ መዋታይ ብቀዳማይ ደረጃ ካብዝሰርዉ ናይቲ ስድራ ኣባል እንተኾይኑ ንስነስርዓት ቀብሪ ክወፁ ይኽእሉ እዮም፣ ከምኡውን፣

***ነንበይንቶም ተፈላልዮም ንዝነብሩ ወለዲ ፣ እቲ ውላዶም ካብ ኣቡኡ -ናብ ኣዲኡ ወይ ድማ ካብ ኣዶ ናብ ኣቦ ፣ንኽስንይዎ ዝገብርዎም ምንቅስቓሳት ፣ እዚውን ኣቀዲሞም ፍቃድ ዝተዋህቦም እንተኾይኑ ፣

እዞም ክሳብ ሕጂ ብዝተገልፁ ምኽንያታት ፣ ነበርቲ ብነይ-ብራቅ ካብ ገዛ ብምውፃእ

Spokesman office
Ministry of Health
P.O.B 1176 Jerusalem 91010
dover@moh.health.gov.il
Tel: 02-5081220/5 Fax: 02-5655965

דוברות
משרד הבריאות
מגדלי הבירה, ת.ד.1176 ירושלים 91010
dover@moh.health.gov.il
טל: 02-5081220/5 פקס: 02-5655965

ክንቀሳቐሱ ዝተፈቐደ እዩ።

እዞም ዝተጠቐሱ መምርሒታት ን 5 ተ ተወሳኺ መዓልቲ ዝተፈቐዱ እዮም።

***ንነበርቲ እየሩሳሌም -- ፍሉይ ጠመተ ብምግባር ዉሳነ ክወሃቦ እዩ።

***ብቢሮ ምንስትር ሓለዋ ጥዕና መሪሕነት እናተኻየደ ዘሎ ፣ ፀረ ለበዳ ኮረና ቫይረስ ሃገር-ለኺ ቃልሲ፣ ኣብ መፃኢ ናይ ፔሳኽ መዓልቲታትውን፣ እዞም ክሳብ ሕጂ ዝወፁ ደንቢታትን መምርሒታትን ኣብ ምትግባር፣ ሓፋሽ ህዝቢ እስራኤል ሙሉእ ተሳታፊነቱ ንኽርእይን ንኽትግብርን፣ ቢሮ ምንስትር ሓለዋ ጥዕና ይላቦ፣ የተሓሳስብን፣መፀዋዕታ የቕርብን ኣሎ።

***ካብ ገዛ ናይ ምውፃእ ኣገዳሲነት ኣመልኪቱ ቢሮ ም/ሓ/ጥ፣ ዘቕምጦም ዓበይትን ዋና-ዋና ነጥቢታት እዞም ዝስዕቡ እዮም ፣

*** ኣገዳሲ ናብ ዝኾኑ ስራሕ ቦታታት ምኻድ፣ ኣገዳሲ ናብ ዘይኮኑ ናይ ስራሕ ቦታታት ግና፣ 15 ሚኢታዊ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት እዮም ናብ ስራሕ ክወፁ ዝፍቀደሎም፣

***ኣስቤዛ ንምግባር፣ መድሓኒት ንምግዛእን ካልኦት ኣገደስቲ ነገራት ንምምላእ ፣

***ብዕድመ/ ብዕብየት ምኽንያት ይኹን ብሕማም ምኽንያት ንዝሳቐዩ ሰባት፣ ናይ ሕክምና ኾነ ካልኦት ሓገዛት ንምሃብ ፣

***ቆልዑት ካብቲ ሓደ ወላዲ ፣ ናብቲ ካልእ ወላዲ፣ ንዘብፅሑ/ ንዝስንዩ ወለዲ ፣

ካብ ገዛ ብምውፃእ ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ እዮም።

ካብዚ ብተወሳኺ፣ ዋላ እኳ፣ ቅድሚ ሕጂ ዝተገለፁ እንተኾነ ፣ቢሮ ም/ሓ/ጥዕና ፣ እዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ፣ ኣብዚ ዘቕረቦ ሓበሬታ እንደገና የዘኻኽር ።

*** ካብቲ ዘለኽሞ መንበሪ-ገዛ ፣ ካብ 100 ሜትሮ ኣርሒቕኩም ኣይትውፅኡ ፣

***ካብ ገዛኹም ክትወፁ እንተለኹም፣ ናይ ኣፍን- ኣፍንጫን መሸፈኒ-ማስክ ግበሩ/ተጠቐሙ ፣

Spokesman office
Ministry of Health
P.O.B 1176 Jerusalem 91010
dover@moh.health.gov.il
Tel: 02-5081220/5 Fax: 02-5655965

דוברות
משרד הבריאות
מגדלי הבירה, ת.ד.1176 ירושלים 91010
dover@moh.health.gov.il
טל: 02-5081220/5 פקס: 02-5655965

***ናብ ዝተኣከቡ ሰባት ኣይትተሓወሱ ፣ ኣብ ሞንጎ ሰባት ነናይ 2 ሜትሮ ርሕቀት ሓልው፣

***ካብ ዕለተ ሰንበት 12 ማዝያ ንጎሆ ጀሚሩ ፣ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ ማኻይን ፣ ብ 25 ሚኢታዊ ናይ ስራሕ መደብ፣ ምንቅስቓስ ክጅምራ እየን።
ኣብ መወዳእታ ፣ ቢሮ ምንስትር ሓለዋ ጥዕና ኣይተ ያእቆብ ሊፅማን ብዘቐመጥዎም ናይ መጠቓለሊ ሓሳባት ንዛዝም "ናይ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ሓደገኛነት ኣይሓለፈን፣ እዚ ለበዳ ኣብ ህዝቢታት ዓለም እናብፀሑ ዘሎ ጉድኣትውን ኩልና ንዕዘቦ ዘሎ ሓቂ እዩ፣እዚ ለበዳዚ ኣብ ሃገርና እስራኤል ንኽይስፋሕፋሕን ንምቁፅፃርን ብዝተኸኣለና ኹሉ እናተቓለስና ኢና፣ ስለዚ...ናብቲ ዝነበርናዮ ስሩዕ ማሕበራዊ ሂወት / ናብራ ንኽንምለስ እንተኾይኑ...እዞም ብመንግስቲ ዝወፁ መምርሒታት ፣ ብዕሊ ክንትግብሮም ይግባእ ።"

" ብሓበር ኮይና ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ክንስዕሮ ኢና "

Spokesman office
Ministry of Health
P.O.B 1176 Jerusalem 91010
dover@moh.health.gov.il
Tel: 02-5081220/5 Fax: 02-5655965

דוברות
משרד הבריאות
מגדלי הבירה, ת.ד.1176 ירושלים 91010
dover@moh.health.gov.il
טל: 02-5081220/5 פקס: 02-5655965